## ርእሰ – ዓንቀጽ

# 10 ለካቲት፡ ዝኽሪ ክቡር ታሪኽ!

ሎሚ 10 ለካቲት፡ እቲ ሓደ ካብ ዓበይቲ ቅያታት ሓርነታዊ ቃልሰና ዝኾነ ስርሒት ፈንቅል! - መበል 26 ዓመቱ ተዘኪሩ ይውዕል ኣሎ። ስርሒት ፈንቅል ጀጋኑ ኤርትራውያን ተጋደልቲ ንሓርነት፡ ኣብ ታሪኽ ወተሃደራዊ ግጥማት ዓለምና፡ ሓደት መዳርግቲ ጥራይ ዘርከቦ ብመሪፅትን ባሕርን እጹብ ወተሃደራዊ ቅያ ዝፈጸምሉ፥ ኣብ ክሳድ መግዛእቲ ናይ መጨረሽታ መሸንቆቒ ብምድቕናቕ ጸሓይ ሓርነት ዘድመቑ ዜጋታት'ዛ ሃገር ዝዘንተውሉ ዝዝክርዎን ዝሕበንሉን ታሪኻዊ ስርሒት እዩ።

ሃገራዊ ታሪኽ መግለጺ ሚዛንን ክብረትን ሓደ ህዝቢ እዩ። ህዝብታትን ሃገራትን ብመጠን ዝገጠሞም ብደሆታትን ንዕኡ ንምስዓር ዘጥረይዎ ፍሉይ ክብርታትን ዝፈጸምዎ ቅያታትን ርዚኑ ታሪኾም ይፈላለ እዩ። መስተንክር ጅግንነት ኤርትራውያን ተጋደልቲ ንሓርነት ከኣ ወለዶታት ኤርትራ፥ ሰብ ረዚን ሃገራዊ ታሪኽ ክምዝኾኑ ገይሩዎም ኣሎ። ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅልን ካልእ ተመሳሰልቲ ዝኽርታትን እምበኣር፡ ነዚ ክቡርን ዘለዓለማዊ ሃገራዊ ታሪኽ ዘኩልዑ ኣገደስቲ ፍጻመታት እዮም።

ህዝቢ ኤርትራ፥ ዓማጺን ተጻባኢን ባህርይ ዝዩብሉ፥ ናቱ እምበር ዘይናቱ ዘይደሊ ወረጃ ህዝቢ እዩ። የግዳስ፡ ብሰንኪ ዓይኒ ዝስሕቦ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣን ጸጋታትን ሃገሩ፥ ጉቡእ ፖለሲ ርእሰ ሓያላን ከም ሃገር ካብ ካርታ ዓለም ክሕከኽ ፈሪድዎ ነይሩ። ኣብ ባይታ ግን፡ ኤርትራዊ መንነትን ሃገራውነትን ብቐሊሉ ዝሕከኽ ኮይኑ ኣይተረኽበን። ክንጽኡ ውልቃዊ ጣዕምን ህይወትን፡ ህይወት መጻኢቲ ወለዶታት ዘቐደም ተወፋይነት ኤርትራውያን ተጋደልቲ፡ ንኹሉ ጊንጠታት ሰዒሩ፥ ህላወን ቀጻልነትን ሃገር ብኣንጸባራቒ ታሪኽ ኣውሒሱ።

ብኸምዚ ዝኣመሰለ፡ ጅግንነታዊ ታሪኽ፡ ሓርነቱ ብጸዕቂ ቅልጽሙ ዝጨበጠ ገድለኛ ህዝቢ ኤርትራ፥ ንናጽነት ከም ቀድመ ኩነት ንምህናጽ ፍትሓዊን ራህዋን ዝሰፈና ስልጡን ሕብረተሰብ እምበር፡ ከም ናይ መወዳእታ ዕላማ ጠሚትዎ ኣይፈልጥን። በዚ ድማ ረመጽ ሓርነታዊ ኩናት ድሕሪ ምጥፍኡ፥ በሰላታት ኩናት ኣሕወዩ፡ ብዘተዓጻጸፈ ጻዕርን ህርኩትናን ኣብ ጎደና ስልጣነ ንኽጽገዕ፡ ኣብ ዳግማይ ገድሊ ንህንጻትን ልምዓትን ሃገር ተጸሚዱ ይርከብ፡ ብመጠንቲ ኣብ ኩናት ዝፈጸሞ ዘለዓለማዊ ቅያ ድማ፡ ኣብ ልምዓታዊ ተጋድሎ እውን ምስናይ ብዙሕ ተጻብኦታት ቀሊል ዘይኮነ ዓወታት ከመዝግብ በቒዑ ኣሎ።

እዚ ምንጪ ሓበንናን ክብረትናን ዝኾነ ሃገራዊ ታሪኽ፡ በቲ ልዑል ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን ሓያል እምነት ኣብ ዕላማ፡ መዳርግቲ ኣልቦ ጽግዓት፡ ጅግንነት፡ ተወፋይነት፡ ተጻዋርነት፡ ርእሰ ምትእምማን ዝማለልዩዎ ባህሊ ኤርትራውያን ተቓለስቲ እዩ ተኺዲሉ። ብኣጋጣሚ ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል እምበኣር፡ ሕጂ'ውን ኣደማዕትና ኣብ ጎደና ስልጣነ ብልጽግናን ዝውስን፡ እዚ ዘለዓለማዊ ሕብረተሰብኣዊ ክብርታት ተዓቂቡ ምስዝተቐጸል ምኻኑ ብምግንዛብ፡ ክብሪት ዝኾናጸፈ ክብርታት ንምዕቃብ ቃልና ነሐድስ፡ ክቡርን ሞጎስን ንጀጋኑና!!

# ምቅያር ባጤራን ምድራት ምንቅስቓስ ጥረ ገንዘብን

1- ቀንዲ ዕላማታት ምቅያር ባጤራን ምድራት ምንቅስቓስ ጥረ ገንዘብን፦

1.1 ብጥረ ገንዘብ ዚግበር ወጻኢታት ምጉዳልን ትውጊታት ብባንካዊ መሳለጥያታት ክምዝኸውን ምግባርን፡ እቲ ዕላማ ብጥረ ገንዘብ ዝግበር ትውጊታት ንምድራትን'ምባር፡ ንግዳዊ ይኹን ውልቃዊ ንጥፈታት ንምድራት ኣይኮነን። ብቶኽን ካልእ ባንካዊ መሳለጥያታትን ዝግበር ትውጊታት ዝኾነ ገደብ የብሉን።

1.2 ኩሎም ብጥረ ገንዘብ ይኹን ብሰነዳት ዚግበሩ ትውጊታት፡ ሕጋውን መንግስታውን ግዴታታት ዝማልኡ ምዃኖም ምርግጋጽ።

2:ብቶኽን ባንካዊ መሳለጥያታትን (ካብ ሕሳብ ናብ ሕሳብ ምስግጋር) ዝግበሩ ትውጊታት፦

2.1 ቅድሚ ሕጂ'ውን ከምዝተሓበረ፡ ብዘተኻእለ መጠን ኩሉ ትውጊታት ብቶኽን ካልእ ባንካዊ መሳለጥያታትን ክፍጸም'ዩ።

2.2 ዝኾነ ክፍሊት ብቶኽ ክግበር ሕጋዊ'ዩ። ዝኾነ ትካል ወይ ውልቀሰብ ዝኾነ መጠን ገንዘብ ብቶኽ ክኸፍል ማሰሉ'ዩ።

2.3 ዝኾነ ካብ ናቕፋ 3 ሽሕ ንላዕሊ ዝግበር ትውጊት ብቶኽ ወይ ብባንክ ጥራይ ይኸውን።

2.4 እዞም ዝስዕቡ ብመንግስታዊ ትካላት ዝወሃቡ ኣገልግሎታትን ቀረባትን ብቶኽ ወይ ብባንካዊ ምስግጋር ዝፍጸሙ ይኾኑ፦

- ሚኒስትሪ ፋይናንስ - ክፍሊት ኣታዊ ወሽጢ ሃገርን ክፍሊት ገምጋዕን
- ቴለኮሙኒከሽን
- ቀረብ ኤሌክትሪክ
- ቀረብ ማይ
- ኢንሹራንስ
- ክራይ ገዛ
- ድኳናት ሕድሪ
- ካልኦት ብሚኒስትሪታትን ኣካላት መንግስትን ንዝወሃቡ ኣገልግሎታትን ቀረባትን ዝግበር ክፍሊታት።

3. ብቶኽ ንምስራሕ ዝግበር ምዕንቃፍ ዘኸትሎ ሓያል ናይ መቕጻዕቲ ስጉምቲ፦

- ክፍሊት ብቶኽ ምቕባል ዝኣበየ
- ንሓደ ኣቕሓ ወይ ኣገልግሎት ብቶኽን ብጥረን ነናብይኑ ዋጋ ዝሓበ
- ኣብ ባንክ ሕሳቡ ሚዛን ዘይብሉ ቶኽ ጸሒፉ ዝሃበ

ብመንግስትን ባንክታትን ተረር ስጉምትታት - ከቢድ ገንዘባውን ክሱብ ማእሰርትን ምስራዝ ናይ ንግዲ ፍቓድን ዝጠቓለለ - መቕጻዕቲ የስዕብ።

4. ከምኡ'ውን ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታት፡ ኩሉ ገንዘባዊ ኣታዊታት ኣብ ባንክ ብምእታው፥ ዘድልዮ ከኣ ካብ ባንክ ብምስሓብ ክኻየድ'ዩ ዝግባእ። እዚ ስለዝኾነ፡ ካብ ባንክታት ወጻኢ፥ ትካላት ይኹኑ ውልቀሰባት ዘይምኽኑይ ብዝሒ ጥረ-ገንዘብ ሒዞም ምስ ዝርከቡ ብሕጊ ተሓተትቲ'ዮም።

5. ኩሉ ምሽርራፍ ባጤራ ወጻኢ ናብ ናቕፋ ብሕጋውያን ፊናንስያውያን ትካላት ጥራይ ይፍጸም። ካብዚ ወጻኢ ዝተኻየደ ምሽርራፍ ብሕጊ ከቢድ መቕጻዕቲ ዘስዕብ'ዩ።

ሃገራዊ ባንክ ኤርትራ

10-02-2016

ካብ 6ይ ገጽ ዝቐጸለ

# ክትዕ ከይቅርጽጽ. . .

ኣብ መጽሓፍ 'ሰዋስውን ሱጽሑፍን' ንመጽጸሪ ኸም መርኣያ ዝቐረቡ ኣብነታት ትርጉም'ውን ኣብ መቓንነም መትከላት ሱትርጉም ኣትየም ከርእዩ ይሓይሹ። በዚ መጠን፡ ምናልባት ገለ ሓደት ኣወጸእካ ድማ፡ እምብዛ ኻብ ለዓቱ ዘርሓቐ ብቐዓት ትርጉም ኣይተኸስተን ክትብል።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ምናልባት፡ ካብ ኣንባቢ ናብ ኣንባቢ ፍልልይ ዓቕሚ ከህሉ ዞማትእ ኣይከኑን። ብዘኾኑ "መብርሂ ዘድልዮም፡ ፍሉጣትን ልሙዳትን ቃላት ክትርጉሙ ኣይግብኦምን" ዝብል ርእይቶ ሃናጺ'ዩ። ይኹን'ምበር፡ ንሓደ ቐለልትን ፍሉጣትን ዝኾኑ ቓላት፡ ንኻልእ ከበድቲ ኪኾኑ ይኽእሉ ምዃኖም'ውን ካብ ግምት ከወጽእ የብሉን። ብፍላይ ጋዜጣ ብኸሉ ይንበብ፡ ገለ ቓላት ብዘወሰኽቲ ትርጉም ምብራህ ድማ ንገለ ከሕግዙ ንገለ ድማ ከይሕግዙ ይኽእሉ። ቓላት ፍጹም ብቤጋ ተተርጒሞም ክበሃል'ውን ኣይክኣልን። ምኽንያቱ፡ መብዛሕትኦም ዝተዋህቡ ኣማራጺታት ተኻኻዊ ይመስሉ። ብዘይጥርጥር፡ ንመረቕ መልእኽቲ ዘዙብኡ ዘኽፍእ ስሕተት ትርጉም ኪጋጥም ከም ዘይክእል ድማ ከውሳውል የብሉን። ብቐንዱ፥ ጉዳማዊ ሕብሪ ቓል ፍጹም ከይቀየረ ወይ ከይረዓመ፡ ስሙ-በስሙ፡ ቅጽል-ብቕጽል፡ ግሲ-ብግሲ፡ መስተጻመር-ብመስተጻመር፡ ረብሕታ-ብረብሕታ ወዘተ ክትርጉም ነይሩዎ ዚብል ደረቕ ኣንብብ ሱትርጉም ከኣ ከለጉም ኣይክእልን። ብዙማትእ ኣብ ሓራ ሚላ ትርጉም ብመጠኑ'ውን እንተላይ ቀጥታዊ ትርጉም ኣውራ መልእኽትን ትሕዝቶን እንተ ዘይተዛበለ፥ ሓራ መስመርን መርገጽን ክትወስድ ይፍቀድ'ዩ። ኣብ ውሑስ ናጽነት ኣጣጢሕካ ንምስራሕ ትርጉም ምኽያድ ከኣ ምሓር ዘዋጽእ ምኻኑ ኣየጣትዕን።

## ኣገደስቲ ቴሌፎናት

| | |
|---|---|
| ሆስፒታል ሓሊቡ | 18 54 00 |
| ሆስፒታል ኦሮታ | 20 19 17 |
| ፖሊስ ኤርትራ | 12 77 99 |
| ኮርፖረሽን ኤሌክትሪክ | |
| ሰቲ | 12 22 22 |
| ፋርማሲያ ቁ 1 | 127565 |
| መጥፋእቲ ሓዊ | 202099 |

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | መደብ ዋሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | መርሓብ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:40 | ዕላል ጫጩት |
| 14:15 | ህድማ |
| 14:55 | sport highlights |
| 15:35 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 16:25 | ዳረት ቃና |
| 17:10 | ጉዳይ ኣብ ዘዞ |
| 17:45 | ስፖርት |
| 18:20 | ኣልመጆላ |
| 19:00 | ዜና ትግረ |
| 19:10 | Love Story E15 |
| 20:00 | ዜና ዓረብ |
| 20:10 | ሂሪር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ናሪት |
| 22:15 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:25 | Love Story E14 |

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ ዋና ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ
ኣስቴር ካሕሳይ